Seattle Office of Labor Standards

# ናይ ገዛ ሰራትተኛ ዲኻ?

## ክትፈልጦ ዘድልየካ



SEATTLE DOMESTIC WORKERS ORDINANCE

እዚ Seattle Domestic Workers Ordinance (ናይ ስያትል ናይ ገዛ ሰራሕተኛታት ትእዛዝ) ድማ መሰረታዊ ዝኾነ ናይ ቦታ ስራሕ ምክልኻል ንናይ ገዛ ሰራሕተኛታት ይህብ።

እዚ መምርሒ ድማ ብዛዕባ እዞም ምክልኻላት ሓበሬታ ኣሎዎ፡ ኮይኑ ግን እዚ ከም ሕጋዊ ምኽሪ ኣይኮነን ዕላሙኡ። ንዝያዳ ሓበረታን ንዝኾነ ሕቶን ድማ ፡ ብኽብረትኩም፡ ኣብ'ዚ ተወከሱ፡

**Seattle** Office of
Labor Standards


ናብ'ዚ ደውሉ (206) 256-5297
laborstandards@seattle.gov
www.seattle.gov/laborstandards


ምሉእ ዝርዝር ኣብ ናይ ገዛ ሰራሕተኛታት ትእዛዝ (Domestic Workers Ordinance) ድማ ኣብ'ዚ ክርከብ ይክኣል እዩ፡
www.seattle.gov/laborstandards/ordinances/domestic-workers-ordinance

# ዘቤታዊ ሰራሕተኛታት፡ ፈሊጥኩም`ዶ?

**ኣብ ገዛ ብኸምዚ እንተድኣ ሰሪሕኩም፡**

- መዕበይት ቆልዓ
- ኮኮ
- ናይ ገዛ ኣላዪ/ት ሰራሕተኛ
- ናይ ገዛ ማናጀር
- ኣጽራዪት ገዛ
- ኣትክልቲ ዝከታተል

**እዚ መሰል ኣለኩም፡**

- ናይ ስያትል ዝተሓተ መጠን-ደሞዝ
- ዘይቋረጽ ናይ መግብን ዕረፍትን ሰዓት ወይ ድማ ዕረፍቲ እንተድኣ ዘይወሲድካ ተወሳኺ ክፍሊት
- ሓደ መዓልቲ (24 ሰዓታት) ዕረፍቲ ድሕሪ ናይ ሹድሽተ ተኸታታሊ መዓልትታት ምስራሕካ፡ እዚ ድማ ነቶም ኣብቲ ዝሰርሕሉ ንዝነብሩ ወይ ዝድቅሱ እዩ።
- ብምሉኡ ሰነዳትካን ናይ ግሊ ንብረትካን ሓዝ
- ምክልኻል ካብ ጾታዊ ጎነጽን ኣድልዎን

*ሰራሕተኛ እንተ`ድኣ ኮንካ፡ ብመሰረት ካልኦ ናይ ዕዮ መለክዕታት መሰል ኣሎካ

# መሰል እቲ ዝተሓተ ካሕሳ ናይ ምርካብ

ኩሎም ናይ ገዛ ሰራሕተኛታት ብውሕዱ እዚ ዘሎ ህልው ናይ ስያትል ዝተሓተ ደሞዝ ክኽፈሉ ኣለዎም። ናይ ስያትል ዝተሓተ ደሞዝ ድማ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ኣብ ወርሒ ጥሪ 1 ይውሰኽ። Office of Labor Standards (OLS፣ ቤት-ጽሕፈት ስተንዳርድታት ሸቕሊ)፡ ድማ ናይ ዝመጽእ ዓመት ወሰኽ ደሞዝ ይገልጽ፡ እዚ ድማ ካብ ቀውዒ ናይ ነፍሲ ወከፍ ዓመት።

ንናይ ህልው ዝተሓተ ደሞዝ፡ ኣብ'ዚ ብጻሕ
www.seattle.gov/laborstandards/ordinances/minimum-wage



# መሰል ዝኽፈሎ ናይ ዕረፍቲ ግዜ

ልዕሊ ኣርባዕተ ሰዓታት እንተድኣ ሰሪሕካ፡ ክትክፈል ኣሎካ፡ እዚ `ድማ ዘይቋረጽ ናይ 10 ደቒቕ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ኮይኑ፡ ቅድሚ እታ ሳልሰይቲ ናይ ስራሕ ሰዓት ምውድኣ ዝውሰድ እዩ።

**ኣብ ናይ ዕረፍቲ +6ግዜኻ እንተድኣ ሰሪሕካ፡ ንስኻ ተወሳኺ ናይ 10 ደቓይቕ ክፍሊት ትእውድ።**



# ናይ መግቢ መሰል ናይ ዕረፍቲ



ልዕሊ ሓሙሽተ ሰዓታት እንተድኣ ሰሪሕካ፡ ዘይክፈሎ፡ ዘይቋረጽ ናይ 30 ደቓይቕ ናይ መግቢ ዕረፍቲ ትረክብ።

ኮይኑግን፡ ኣብ እዋን ናይ መግቢ ዕረፍቲ ኣብ ናይ ስራሕ ቦታ ክትጸንሕ እንተድኣ ኣሎካ ኮይኑ፡ እሞ ናብ ስራሕ ክትምለስ ድሉው እንተድኣ ኮንካ፡ እዚ ዕረፍቲ ክኽፈል ኣለዎ።

**ኣብ ናይ ዕረፍቲ ግዜኻ እንተድኣ ሰሪሕካ፡ ንስኻ ነቲ ዝተገድፈ ዕረፍቲ፡ ተወሳኺ ናይ 30 ደቓይቕ ደሞዝ ትወስድ።**



# መሰል ንመዓልቲ ዕረፍቲ

ሹዱሽተ መዓልቲ ብተኸታታሊ ትሰርሕ እንተኾንካን ኣብ ናይ ስራሕ ቦታኻ ትነብር ወይ ትድቅስ እንተደኣ ኮንካ ድማ ዘይክፈሎ ናይ 24 ሰዓታት ናይ ዕረፍቲ ግዜ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ።



# መሰል ኩሎም ውልቃዊ ሰነዳት ናይ ምዕቃብ

ኦርጅናል ሰነዳትካን ውልቃዊ ንብረትካን ናይ ምሓዝ መሰል ኣለካ።



# ካብ ኣድልዎን ሕነ መሰል ምፍዳይን ናጻ ናይ ሙዃን

ናይ ገዛ ሰራሕተኛታት ዝበዝሕ ግዜ ንበይኖም እዮም ዝሰርሑ፡ በዚ ድማ ሓደጋ ናይ ጾታዊ ርክብ በደልን ካልእ ዓይነታት ኣድልዎን ክረኽቦም ይኽእል እዩ። ናይ ገዛ ሰራሕተኛታት ድማ ብመሰረት ሕጊ ናይ ከተማ Fair Employment Practices ሕጊ (ፍትሓዊ ናይ ስራሕ ተግባራት) ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣተሓሕዛ ምክልኻል ክረኽቡ መሰል ኣለዎም።

ኣስራሕቲ ድማ መሰልካ ብምጥቃምካ ወይ ኣብታ ከተማ ጥርዓን ብምእታውካ ኣብ ልዕሌኻ ስጉምቲ ክወስዱ ኣይፍቀዶምን እዩ።

**ብዛዕባ መሰልካ ክትዛረብ ትደሊ ሰራሕተኛ እንተድኣ ኮንካ፡ ን ቤት-ጽሕፈት ሲቪላዊ መሰላት ሲያትል ኣብ (206) 684-4500፡ ኢ-መይል discrimination@seattle.gov ተወከስ ወይ ኣብ www.seattle.gov/civilrights ብጽሑ**

# ናይ ስያትል ቤት-ጽሕፈት ስተንዳርድታት ሸቕሊ (OLS)

ናይ ሲያትል ቤት-ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ድማ ሰራሕተኛታት ንመሰሎም ክፈልጡ ድሉው ኣሎ። ናብ ሲያትል ቤት-ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ንጥሕትታት ሕጊ ይምርምርን ይፈትሕን።

ንሕቶታት፡ ወይ ድማ ምጥሓሳት ንምሕባር፡ ብኽብረትኩም ናብ'ዚ ደውሉ (206) 256-5297 ወይ ድማ ናብ laborstandards@seattle.gov ኢ-መይል ግበሩ።

# ናትና መብጸዓ`ድማ

ኣብዚ ዘለና ንክንሕግዝ ኢና! ንሕና ናይ ቋንቋ ትርጉም ንህብ ከምኡ ድማ ናህና ኣገልግሎት ናጻ እዩ። ንሕና ብዛዕባ ናይ ኢሚግሬሽን ኩነታትካ ኣይክንሓተካን ኢና።

ንዝያዳ ዝርዝር ሓበረታ ብዛዕባ እዞም ግቡኣት ድማ ኣብ **www.seattle.gov/laborstandards** ብኽብረትካ ን ሓድሽ ሓበረታ ነዚ መርበብ ሓበረታና ረአ።

# ናይ ስያትል ቤት-ጽሕፈት ስተንዳርድታት ሸቕሊ (OLS)

ናይ ሲያትል ቤት-ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ዝቖጽሩ ኣካላት ድማ ኣብዚ ሓድሽ ሕጊ ዘሎ ጉቡኣቶም ይፈልጡ እዮም።

ኣብዚ ሓድሽ ሕጊ ዘሎ ጉቡኣቶም ይፈልጡ እዮም። ንሕቶታት ድማ ብኽብረትኩም ናብ'ዚ ደውሉ (206) 256-5297 ወይ ድማ ናብ laborstandards@seattle.gov ኢ-መይል ግበሩ።

# ናትና መብጻዓ`ድማ

ኣብዚ ዘለና ንክንሕግዝ ኢና! ነዚ ሓድሽ ሕጊ ከመይ ከም ትጥቀምሉ ንምሕታት ክትድውሉ ንደልየኩም ኢና። ናብ ሲያትል ቤት-ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ድማ ግላዊ ምኽሪ ክህበኩም እዩ፡ ናብ ናህና ናይ ትግባረ ኣልላት ድማ ኣይክሕብረልኩምን እዩ። ሕቶታትኩም ምሳና ውሑሳት እዮም።

ንዝያዳ ዝርዝር ሓበረታ ብዛዕባ እዞም ግቡኣት ድማ ኣብ **www.seattle.gov/laborstandards** ብኽብረትካ ን ሓድሽ ሓበረታ ነዚ መርበብ ሓበረታና ረአ።

# ካብ ኣድልዎን ሕነ ምፍዳይን ሓለዋ ምርካብ

ናይ ገዛ ሰራሕተኛታት ዝበዝሕ ግዘ ንበይኖም እዮም ዝሰርሑ፡ በዚ ድማ ሓደጋ ናይ ጾታዊ ርክብ በደልን ካልእ ዓይነታት ኣድልዎን ክረኽቦም ይኽእል እዩ። ናይ ገዛ ሰራሕተኛታት ድማ ብመሰረት ሕጊ ናይ ከተማ ፍትሓዊ ናይ ስራሕ ተግባራት ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣተሓሕዛ ምክልኻል ክረኽቡ መሰል ኣለዎም።

ኣስራሕቲ ኣካላት ድማ ኣብ ልዕሊ ናይ ገዛ ሰራሕተኛታት መሰሎም ብምጥቃሞም ወይ ኣብታ ከተማ ጥርዓን ብምእታዎም ኣብ ልዕሌኻ ስጉምቲ እንተድኣ ወሲዶም ተወሳኺ መቕጻዕቲ ክወርዶም ይኽእል እዩ።

**ብዛዕባ ሕጊ ፍትሓዊ ናይ ስራሕ ተግባራት ዝያዳ ክትፈልጥ ትደሊ እንተድኣ ኮንካ፡ ንናይ ስያትል ቤት ጽሕፈት ሲቪላዊ መሰላት ኣብ (206) 684-4500፡ ኢ-መይል discrimination@seattle.gov ተወከስ ወይ ኣብ www.seattle.gov/civilrights ብጽሑ**



# መሰል ንመዓልቲ ዕረፍቲ

ኣብ ናይ ስራሕ ቦታኻ ዝነብሩ ወይ ዝድቅሱ ናይ ገዛ ሰራሕተኛታት ሽዱሽተ መዓልቲ ብተኸታታሊ እንተድኣ ሰሪሖም፡ ቆጸርቲ ኣካላት ድማ ዘይክፈሎ ናይ 24 ሰዓታት ናይ ዕረፍቲ ግዜ ክህቡ ኣለዎም።



መሰሬ

# ናይ መግቢ ናይ ዕረፍቲ

ናይ ገዛ ሰራሕተኛታት ንልዕሊ ሓሙሽተ ሰዓታት እንተ`ድኣ ሰሪሖም፡ ቆጸርቲ ኣካላት ድማ ዘይክፈሉ፡ ዘይቋረጽ ናይ 30 ደቓይቕ ናይ መግቢ ዕረፍቲ ክህቡ ኣለዎም።

ኮይኑ ግን፡ ኣብ እዋን ናይ መግቢ ዕረፍቲ ንሰራሕተኛ ኣብ ናይ ስራሕ ቦታ ክጸንሕ እንተድኣ ደሊኻዮ፡ እሞ ናብ ስራሕ ክምለስ ድሉው ክኸውን እንተድኣ ደሊኻዮ፡ ነቲ ሰራትተኛ ክትከፍሎ ኣሎካ።

**ሰራተኛ ኣብ ናይ ዕረፍቲ ግዜ እንተድኣ ሰሪሑ፡ ንስኻ ነቲ ዝተገድፈ ዕረፍቲ፡ ተወሳኺ ናይ 30 ደቓይቕ ደሞዝ ክትከፍሎ ኣሎካ።**

# ዝኽፈሎ ናይ ዕረፍቲ ግዜ

መሰል

ዝቖጽሩ ኣካላት ድማ ንናይ ገዛ ሰራሕተኛ ዝኽፈሎ ዘይቋረጽ ናይ 10 ደቒቕ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ፡ ቅድሚ እታ ሳልሰይቲ ናይ ስራሕ ሰዓት ምውዳኣ ዘሎ ክህብዎ ኣለዎም።

**ሰራተሕኛ ኣብ ናይ ዕረፍቲ ግዜ እንተድኣ ሰሪሑ፡ ንስኻ ነቲ ዝተገድፈ ዕረፍቲ፡ ተወሳኺ ናይ 10 ደቓይቕ ደሞዝ ነቲ ሰራሕተና ክትከፍሎ ኣሎካ።**

መሰል

# እቲ ዝተሓተ ካሕሳ ናይ ምርካብ

ኩሎም ናይ ገዛ ሰራሕተኛታት ብውሕዱ እዚ ዘሎ ህልው ናይ ስያትል ዝተሓተ ደሞዝ ክኽፈሉ ኣለዎም። ናይ ስያትል ዝተሓተ ደሞዝ ድማ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ኣብ ወርሒ ጥሪ 1 ይውስኽ። ቤት-ጽሕፈት ስተንዳርድታት ሸቐሊ፡ ድማ ናይ ዝመጽእ ዓመት ወሰኽ ደሞዝ ይገልጽ፡ እዚ ድማ ካብ ቀውዒ ናይ ነፍሲ ወከፍ ዓመት።

ንናይ ህልው ዝተሓተ ደሞዝ፡ ኣብ'ዚ ብጻሕ
www.seattle.gov/laborstandards/ordinances/minimum-wage



# እቲ ሕጊ ንዓኻ ይምልከት ድዩ?

ንናይ ገዛ ሰራሕተኛ ቀጥታ ዝቖጽሩ ወይ ዘስርሑ ግለ ሰባት፡ ኣባይቲ፡ ትካላት ነዚ ሕጊ ክኽተሉ ኣለዎም። ዝኾነ ከምዚ ዝኣመሰለ ሰብ፡ ኣባይቲ፡ ወይ ትካል ድማ ከም ቆጻሪ ኣካል እዩ ተጠቒሱ ዘሎ።

ናይ ገዛ ኣገልግትታት ንምሃብ ፍሉይ ትካል እንተድኣ ተጠቒምካ፡ እዚ ትካል ቆጻሪ ኣካል እዩ፡ ንሱ ድማ ንሰራሕተትታት ሓለዋ ናይ ምሃብ ሓላፍነት ኣለዎ። ኮይኑግን፡ ኣብ'ዚ ሕጊ ዘሎ መሰል ሰራሕተኛታት እንተድኣ ኢድ ኣእቲኻ፡ ሕጊ ኢኻ ትጥሕስ ዘሎኻ።

እቲ ሕጊ ነዚኦም ዓይትታት ሰራሕተኛታት ኣይሽፍንን እዩ፡

- ሳሕቲ ወይ ብዘይስሩዕ መንገዲ ዝሰርሑ ሰባት
- ምስቲ ዝቖጽር ኣካል ናይ ስድራ ዝምድና ዘለዎም ሰባት
- ብናይ መንግስቲ ገንዘብ ዝኽፈሉ ናይ ክንክን ኣባይቲ ሰራሕተኛታት

# ፈሊጥኩም`ዶ?

ኣብ ገዛ ወይ ከባቢ ገዛ ስራሕ እንተድኣ ሰሪሕኩም፡ ንስኹም፡ ናይ ስያትል ናይ ገዛ ሰራሕተኛታት ትእዛዝ ክትፈልጡ ኣለኩም።

**ነዞም ኣገልግሎታት ትኸፍሉ እንተድኣ ኮንኩም፡ ከም ሸፈነ ዘለዎ ቆጻሪ ኣካል ኢኹም ትቑጸሩ፡**

- መዕበይት ቆልዓ
- ኮኮ
- ናይ ገዛ ኣላዪ/ት ሰራሕተኛ
- ናይ ገዛ ማናጀር
- ኣጽራዪት ገዛ
- ኣትክልቲ ዝከታተል

**ሓደ ቆጻሪ ኣካል ድማ እዚ ዝስዕብ ክዳልወሉ ኣለዎ፡**

- ናይ ስያትል ዝተሓተ መጠን-ደሞዝ
- ዘይቋረጽ ናይ መግብን ዕረፍትን ሰዓት ወይ ተወሳኺ ክፍሊት እንተደኣ ዕረፍቲ ዘይረኸቡ
- ሓደ መዓልቲ (24 ሰዓታት) ዕረፍቲ ድሕሪ ናይ ሹድሽተ ተኸታታሊ መዓልትታት ምስራሕካ፡ እዚ ድማ ነቶም ኣብቲ ዝሰርሕሉ ንዝነብሩ ወይ ዝድቅሱ እዩ።
- ሰነዳትን ናይ ግሊ ንብረትን ናይ ምሓዝ መሰል
- ምክልኻል ካብ ጾታዊ ጎነጽን ኣድልዎንdiscrimination

*ኣርራሒ እንተድኣ ኮንካ፡ ኣብ ትሕቲ ካልእ ደረጃታት ዕዮ ዘሎ ግዴታታት ኣሎካ

እዚ ናይ ስያትል ናይ ገዛሰራሕተኛታት ትእዛዝ ድማ መሰረታዊ ዝኾነ ናይ ቦታ ስራሕ ምክልኻል ንናይ ገዛ ሰራሕተኛታት ይህብ።

እዚ መምርሒ ድማ ብዛዕባ እዞም ምክልኻላት ሓበሬታ ኣሎዎ፡ ኮይኑ ግን እዚ ከም ሕጋዊ ምኽሪ ኣይኮነን ዕላሙኡ። ንዝያዳ ሓበረታን ንዝኾነ ሕቶን ድማ : ብኽብረትኩም፡ ኣብ'ዚ ተወከሱ፡

**Seattle** Office of
Labor Standards


ናብ'ዚ ደውሉ (206) 256-5297
laborstandards@seattle.gov
www.seattle.gov/laborstandards


ምሉእ ዝርዝር ኣብ ናይ ገዛ ሰራሕተኛታት ትእዛዝ ድማ ኣብ'ዚ ክርከብ ይክኣል እዩ፡
www.seattle.gov/laborstandards/ordinances/domestic-workers-ordinance

Seattle Office of
Labor Standards

# ምቑጸር ናይ ገዛ ሰራሕተኛ?

## ክትፈልጦ ዘድልየካ



SEATTLE DOMESTIC WORKERS ORDINANCE